## ሓወይ፡-ሐፍተይ

ኣብ ትሕቲ ጽሓይ ሓዲሽ ነገር የለን ኩሉ ናይ ኮንቱ ኮንቱ እዩ።
እንተ ተመለስኮስ ናባይ ከምዝብል ናብ እግዚኣብሄር ተመለስ።

## ከምዚ ኢሌካ ጸሊይ

እግዚኣብሄር ኣቦይ ኤመስግነካ ኣለኹ ስለይ ኣልካ ሓደ ወድኻ ስለ ዝሃብካኒ ተመስገን የሱስ ጎይታይ ኢ ኻ። ንስኻ መድሓኒየይ ምኻንካ ብልበይን ብቓላት ኣፈይን ይእመን ኣለኹ፡-ነገረይን መስለይን ስለ ዝወዳእካ ተመስገን።ኣቦይ ንዓለም ቐቢጸ ንስይጣን ረጊጸ ካብ ሕጂ ንዘልዓለም ኣብ ቤትካ ክነብር ወሰነ ኣለኹ፡-ሰለ ኩሉ ነገር ጎይታይ ተመሰገን።

## ኣሜን ።

### ማሕበር ህያው ኣምላኽ በርን

ኩሉግዜ ቀዳም ድ.ቀ.
ካብ ሰዓት 13.00

ኣድራሻና
ጎደና ኤይማት 2B
/Eymattstrasse/
ብትራም 8 ወይ ድማ
ኣውቶቡስ ቁጽሪ 101

TEL. ..........................................


*Adresse de contact:*

*Eglise Evangélique Libre*
*Mon Repos 3*
*1700 Fribourg / Schönberg*
*Tel. 076 506 74 44*



*Verbreitung christl. Schriften*
*Postfach, CH-2500 Biel 8*
*info@dclit.net / www.dclit.net*

tigr008.2016.01

*Tigrinya*




**የሱስ ከኣ፥ መገድን ሓቅን ህይወትን ኣነ እየ። ብዘይ ብኣይ ሓደ እኳ ናብ ኣቦ ዚመጽእ የልቦን።**

ወ. ዮሐንስ 14:6

## ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ፡ ቀናእ ኣምላኽ እየ።

### ዘጸኣት 20:1–7

እግዚኣብሄር ድማ እዚ ቓላት እዚ ኹሉ ኸምዚ ኢሉ ተዛረበ፡ ካብ ምድሪ ግብጺ፡ ካብ ቤት ባርነት ዘውጻእኩኻ፡ ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ እየ። ካልኦት ኣማልኽቲ ኣብ ቅድመይ ኣይህልዉኻ። ኣብ ላዕሊ ኣብ ሰማይ ካብ ዘለዉ፡ ኣብ ታሕቲ ድማ ኣብ ምድሪ ኻብ ዘለዉ፡ ኣብ ማይ ከኣ ኣብ ትሕቲ ምድሪ ኻብ ዘለዉ፡ ምስልን ስእሊ ዘበለን ንኣኻ ኣይትግበር። ኣይትስገድሎም ኣይተገልግሎምን ድማ። ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ፡ ቀናእ ኣምላኽ እየ እሞ፡ ንዚጸልኡኒ ሓጢኣት ኣቦታት ኣብ ደቂ ኽሳዕ ሳልሳይ ክሳዕ ራብዓይን ወለዶ ዝቐጽዕ፡ ንዚፈትዉንን ትእዛዛተይ ንዚሕልዉን ግና ክሳዕ ኣሽሓት ምሕረት ዝገብር እየ። እግዚኣብሄር ስሙ ብኸንቱ ንዘልዐለ ኸይቀጽዔ ኣይሐድጎን እዩ እሞ፡ ስም እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ብኸንቱ ኣይተልዕል።

### ዘጸኣት 20:23

ምሳይ ኣማልኽቲ ኣይትግበሩ፡ ኣማልኽቲ ብሩርን ኣማልኽቲ ወርቅን ንኣኻትኩም ኣይትግበሩ።

### ኤርምያስ 35:15

ኣነ ድማ፡ ነፍሲ ወከፍኩም ካብቲ እኩይ መገድኹም ተመለሱ፡ ግብርኹም ከኣ ኣቕንዑ፡ ከተገልግልዎም ኢልኩምውን ደድሕሪ ኻልኦት ኣማልኽቲ ኣይትኺዱ፡ ሽዑ ኣብታ ኣነ ንኣኻትኩምን ነቦታትኩምን ዝሀብክዋ ሃገር ክትነብሩ ኢኹም፡ ኢለ ንኹላቶም ኣገልገልተይ ነብያት ለኣኽኩልኩም፡ ኣንጊሄ ለኣኽኩልኩም፡ ንስኻትኩም ግና እዝንኹም ኣይጸሎኹንም ኣይሰማዕኩንን ድማ።

### ዘዳግም 28:13–14

ነዚ ኣነ ሎሚ ዝእዝዘካ ዘሎኹ ትእዛዛት እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኽትሕልዎን ክትገብሮን እንተ ሰማዕካዮ፡ ካብዚ ኣነ ሎሚ ዝእዝዘኩም ዘሎኹ ኹሉ ነገር ንየማን ወይ ንጸጋም እንተ ዘየግለስካ፡ ንኻልኦት ኣማልኽቲ ኽተገልግሎም ደድሕሪኦም እንተ ዘይሰዐብካ ድማ፡ እግዚኣብሄር ርእሲ እምበር፡ ጭራ ኣይገብረካን፡ ብላዕሊ ጥራይ ትኸውን እምበር፡ ብታሕቲ ኣይትኸውንን።

### ግብሪ ሃዋርያት 4:12

ብእኡ ኽንድሕን ዚግባእ ካልእ ስም ኣብ ትሕቲ ሰማይ ንሰብ ኣይተዋህበን እሞ፡ ምድሓን ብሓደ ኻልእ ከቶ የልቦን።

### ሮሜ 10:8–11

እንታይ ደኣ ይብል፤ እቲ ቓል ኣብ ኣፍካን ልብኻን ጥቓኻ እዩ፡ እዚ ማለት እቲ ንሕና እንሰብኮ ቓል እምነት እዩ። እቲ ጽሑፍ፡ ብእኡ ዚኣምን ዘበለ ኣይሐፍርን፡ ይብል እዩ እሞ፡ ሰብ ብልቡ ኣሚኑ ይጸድቕ፡ ብኣፉ ተኣሚኑውን ይድሕን እዩ፡ ስለዚ ብኣፍካ የሱስ ጐይታ ምዃኑ እንተ ነገርካ፡ ብልብኻውን ኣምላኽ ካብ ምዉታት ከም ዘተንስኦ እንተ ኣመንካ፡ ክትድሕን ኢኻ።